TIGRINYA

The Seattle Public Library

እዛ ቡክሌት እዚኣ ዋንነታ፡ ______________________

ወልቃዊ ተውሳኺ ስማተይ ዝሰዕቡ እዮም፡ ______________

# WHAT'S your story?

## 2021 Summer of Learning

ናብ ናይ ክረምቲ ትምህርቲ (Summer of Learning) እንኳዕ ብደሓን መጻኹም! ታሪኽካ ንምድህሳስ፣ ንምፍጣርን ንምክፋልን ምስ መሓዛትካን ቤተ ሰብካ ን ስራሕ! ሓንጎልካ ተጠቒምካ ዝደልኻዮ ቅደም ሰዓብ ምኽታል ትኽእል። ንናይ Seattle ህዝባዊ ቤተ ንባብ ፋውንዴሽንን (Seattle Public Library Foundation) ለገስቶምን ነዚ ናይ ክረምቲ ትምህርቲ ስለዝደገፉ ነመስግን።

**www.spl.org/SummerOfLearning • #SPLSummer2021**

The Seattle Public Library Foundation · BURKE MUSEUM · The Bureau of Fearless Ideas — Be Kind. Be Creative. Be Fearless. · Powered by Shunpike · African-American Writers' Alliance

@SeattlePublicLibrary @SeattlePublicLibrary @SPLBuzz

# ታሪኽካ ዳህስስ

ንዓበይቲ ሰባት ብዛዕባ ቁልዕነቶም ሕተቶም፣ ንካብ ናይ ቤተ ሰብካ ኣባል ትፈትዎ ታሪኽ ኣንብብ፣ ወይ ምስ መሓዛኻ ሓድሽ ነገር ርኸብ።



EXPLORE
your story
2021 Summer of Learning

@ArtBreakerBT

## ብኮኾብ ዝተመልኡ ለይቲታት

ነቶም ኮኾብት ክትቆጽሮም ትኽእል ዲኻ? ናብቲ ናይ ለይቲ ሰማይ እንዳጠመትካ ክንድ ዝኽኣልካዮ ኮኾባት ቁጸር። ክንደይ ከም ዝቆጸርካ ምስጠፈኣካ ወይ ምስ ደኸመካ፣ ሕድ ሕድ ኮኾብ ናብቲ ናይ ለይቲ ሰማይ ክንደየናይ ብርሃንን ጽባቀን ከምዝህብ ሕሰብ። ናብዚ ዓለም ጽባቀ ንምውሳኽ ክትብሎም ርኽእሎም ክልተ ወይ ሰለስተ መስመር ጸሓፍ። ዘክር፣ ናይ ተግባርካ መጠን ክንድዝኾነ ይኹን፣ ብርሃን ክትውስኽን ለውጢ ክትፈጥርን ትኽእል ኢኻ!

## ጥበብ ምክፋል

ኣቦታትና ንዓበይትና ምኽሪ ብምግዳፍ ትበቦም ኣመሓላሊፎምልና እዮም። ካባኻ ንዝዓብዩ ክልተ ዝተፈላለዩ ሰባት ጽቡቅ ህይወት ብዛዕባ ምንባር ሓደ ምሉእ ሓሳብ ምኽሪ ሃቡኒ ኢልካ ሕተቶም። ምኽሮም ኣብዚ ጸሓፎ። ሕዚ፣ ሓደ ምኽሪ ናእብ ሂውትካ ዘለዉ ዓበይቲ ሰባት ጽሓፈሎም፣ ድሕሪኡ ኣካፍሎም።

## ናይ ዕንበባ ጽውጽዋያት

ዕንበባታት ኩሉ ግዜ ሓጋይ ናበይ ከምዝኸዱን ኣብ ጽድያ ድማ ንምንታይ ከም ዝመጹ ሓሲብካ ትፈልጥ ዶ? ብዛዕብኡም ታሪኽ ፍጠር።

## ከም ተፈጥሮ ስምዒት ኣለዎ

ኣብ ውዑይ መዓልቲ፣ ጥራሕ እግርኻ ኣብ ሳዕሪ ገይርካ ንክልተ ድቃይቅ ዝኸውን ዓይንኻ ዓምት፣ ድሕሪኡ ደጊምካ ዓይንኻ ክትከፍት ከለኻ ብዛዕባ ዝተሰመዓካ ነገር ጸሓፍ። ዝተረጋጋዕኻ ሰብ ዲኻ? ዝፈራሕካ? ዝተነቓቓሕካ?

## ታሪኽካ

ብዙሓት ኣብ Seattle ዝንብሩ ሰባት ካብ ዝተፈላለየ ክፋል እዛ ዓለም ዝመጹ እዮም። ሓደ ሓደ ነገራት ንትውልዲታት ኣብዚ ነይሮም፣ ወይ ንኣሽሓት ዓመታት። አቦታትካ ካበይ እዮም? ናትኩም ሰባት ካበይ ተሰዲዶም ኣብዚ ከምዝበጽሑ መንገዶም ንምፍላጥ ምስ ናይ ቤተ ሰብ ኣባላትካ ሓቢርካ ሰራሕ፣ ዓለም ናይ ምዛር ጉዕዞ ይኹን፣ ወይ ዋላ ኣብ ውሽጢ ፖስፊክ ኖርዝዌስት። ነዚ መገዲ እዚ ከም ካርታ ሰኣሎ ወይ ከም ታሪኽ ጽሓፎ።

ብዛዕባ ናይ ስያትል ብዙሓት ፍሉያት ጎረባብቲ ታሪኽ ዝያዳ ንምምሃር ፤ “Explore Seattle Neighborhood History”፤ (ናይ ስያትል ጎረባብቲ ታሪኽ ዳህስስ) ናይ ዳህሳስ መምርሒ!
**www.spl.org/SeattleNeighborhoodHistory**

# ታሪኽካ ፍጠር

ሓንጎልካ ተጠቂምካ ኣብዚ ክረምቲ እዚ ናይ ባዕልኻ ዘገርም ናይ ጥበብ ስራሕ ፍጠር። ታሪኽካ ንምንጋር ደስ ዝበለካ ዓይነት መገዲ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ – ዳንስ፣ ግጥሚ፣ ቅርጻ ቅርጺ – ናይ ልብኻ ዝዛረበልካ።

2021 Summer of Learning

## ልእል ተፈጥሮኣዊ

ዓለም ዝሓሸት ቦታ ንምግባር ሓደ ፍሉይ ሓይሊ ክትመርጽ ተትኽእል እንታይ ምመረጽካ? እንታይ ከ ምቀየርክ ንምንታይ ድማ?

### ሓጎስ ኣብ ውሽጠይ

“ኣብ ውሽጠይ ሓጎስ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ውሽጠይ ተሓጓስ ኣሎ። ከም ጸሓይ እንዳደመቀን እንዳሞቀን ዝኸይድ።”

Zetta Elliott፣ ጸሓፊ

ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓጎስ ሰኣሎ ወይ ዘርዝሮ። ሓጎስ ዝህቡኻ ሰባት፣ ቦታታት፣ ነገራትን ሕልምታትን እውን ኣካትት። ዓጺፍካ ናብ ኩሉ ቦታ ምሳኻ ሒዝካዮ ኪድ። ይውሰዱት።



@_AXSM

## ኣነ

ነዞም ክፍቲ ቦታታት ብምምላእ “ኣነ እየ” ዝብል ግጥሚ ጸሓፉ፡

ኣነ: ______________________________

*(ናይቲ መዓልቲ ትፈትዎ ሰዓት)*

ኣነ: ______________________________

*(ትነብረሉ ማሕበረ ሰብ)*

ኣነ: ______________________________

*(ትፈትዎ እንስሳን ንምንታይ ከም ትፈትዎን)*

ኣነ: ______________________________

*(ሕዚ ክትሪኦ ትኽእሎ ትፈትዎ ነገር)*

ኣነ: ______________________________

*(ዘንበብካዮ ትፈትዎ መጽሓፍ)*

# ታሪኽካ ኣካፍል

*ብዙሓት ታሪኽ ክትፈጥረሎም ትኽእለሎም መገዲታት ኣለዉ – ብቃላት፣ ስ ስእልቲታት፣ ሕብሪ፣ ዳንስን ካልኦትን። ስለዚ ተዘናጋዕ ታሪኽካ ድማ ንቤተሰብካ፣ መሓዙትካን ጎረባብትኻን ኣካፍል!*

SHARE your story

2021 Summer of Learning



@Maese.Art.By.Eileen.Jimenez

## ሩዝ እቲ ዝበለጸ እዩ!

ኩሉ ሰብ ሩዝ ይፈቱ እዩ! ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ኣዝዮም ዝፍለጡ ምግቢታት ሓደ እዩ። ኩሉ ባህሊ – ኩሉ ቤተ ሰብ – ናይ ባዕሉ ፍሉይ ጸብሒ፣ ኣሰራርሓን፣ ናይ ባዕሉ መቃመምቲን ቃናታትን ኣለዎ። ኣብ ሂውትካ ካብ ዘለዉ ምግቢ ምብሳል ዝኽእሉ ሰባት ሕተት: ሩዝ ከመይ ሰሪሕካ ምብላዕ ይከኣል? ህጹጽ? ቢጫ? ጻዕዳ ሽጉርቲ? ያዝሚን? ጠስሚ? በስማቲ? ናይ በረኻ? ብዛዕባ እዚ ዝረኸብካዮም ነገራት ስኣሎም ወይ ጸሓፎም ኣሰራርሓ ንምውድዳር ድማ ካብ ቤተ ሰብካ ወጻኢ ንዝኾነ መሓዛኻ ኣካፍሎ!

## ፕለይላንድ 2000

*ኣዝዩ ብሉጽ ዝበሃል መጻወቲ ዞቦታ ክትሃንጽ ምኽኣልካ፣ እንታይ ምመሰለ ነይሩ? ምስ መሓዙትካ ተራኸብ፣ ናይ ሕልምኻ መጻወቲ ቦታ ንደፍ ወይ ስኣል፣ ድሕሪኡ ሓሳባትኩም ነንባዕልኹም ተኻፈሉ።*

## የመስግን፣ ዋና መሓዛይ

ነቲ ዋና መሓዛኻ ወይ ትፈትዎ ሰብ ንምንታይ ዋና መሓዛኻ ወይ ትፈትዎ ሰብ ከምዝኾነ ዝገልጽ ደብዳቤ ጸሓፈሎም።

ነቲ Burke ብጽሓዮ! ኣቀዲሞም ዝተተሓዙ ናይ ግዜ ትኬታት ንኩሎም ናይ Burke ሙዚየም በጻሕቲ - ናይ Burke ኣባላት፣ ናይ UW ካርድ ተሓዝቲን፣ ሰለስተን (3) ትሕቲኡን ዕድሚኦም ቆልዑን እውን ሓዊሱ - ኣካላዊ ርሕቀት ክሕልዉ ኣለዎም ናይቲ ሙዚየም ናይ ስራሕ ዓቅሚ ድማ ክኸተሉ ኣለዎም። ኣቀዲሞም ዝተተሓዙ ትኬታት ንምርካ ቅድሚ ምብጻሕካ ብኽብረትካ ንናይ Burke ሙዚየም ብ burkevis@uw.edu ኢመይል ብምስዳድ ወይ ብ 206-616-8616 ብምድዋል ኣዘራርብ። ኣብ ናይ ምብጻሕ መዓልቲኻ፣ ብኽብረትካ ትኬትካ፣ ናይ ከረምቲ ትምህርቲ ፖስተርካን ኣብ ጉጅለኻ ንዘለዉ ኩሎም ድማ ማስክ ሒዚካ ምጻእ። ናይ ናጻ ምዝገባ ካብ ጁላይ 1 ክሳብ ዲሰምበረ 31, 2021 ንክልተ በጽሒታትን ኣርባዕተ ቆልዑን ይከኣል እዩ። እዚ ኣቕርቦት እዚ ምስ ካልኦት ናይ ዋጋ ምጉዳል ወይ መደብ ዘለዎም ናይ ጉጅለ ፕሮግራማት ክሕወስ የብሉን።